# ቆልዓና ናብ መዋዕለ-ህጻናት (Kita) ይኸይድ። መዋዕለ-ህጻናትን መሐብሐቢ-ህጻናትን (Kita und Tagespflege) ኣብ ከተማ Schwerin.

## ሓበሬታ ብዛዕባ ክንክን ህጻናት

ትግርኛ
-
Tigrinya



LANDESHAUPTSTADT SCHWERIN

## እንቋዕ ብድሓን መጻኹም!

ኣብዚ መንሹርʻዚ ሓበሬታ ብዛዕባ "Frühe Bildung" ኣብ Schwerin ክትረኽቡ ኢኹም።

## "Frühe Bildung" እንታይ ማለት እዩ፧

"Frühe Bildung" ማለት ትምህርቲ፣ ኣተዓባብያ፣ ምእላይ ከምኡʻውን ምዕባለ ቆልዑ ምትብባዕ ካብ ትውልዲ ኣትሒዙ ክሳብ ምጅማር ትምህርቲ።



# "Frühe Bildung" ስለምንታይ እዩ ኣገዳሲ፧

ቆልዑት ቋንቋ ይመሃሩ። ዝርርብ ኣብ ነንሕድሕዶም ውን ይመሃሩ።
ቆልዑት ዕርክነት የጥርዩ።
ብሓንሳብ ይመሃሩን ይጻወቱን። ብእኡ ኣቢሎም ዳማ ምክፍፋልን ሕጊ ምኽባርን ይመሃሩ።

ምውስዋስ ኣካላትን ሙዚቃን "Frühe Bildung" እዮም።
ምንቅስቃስን ሙዚቃን ን ህጻናት ብዝበለጸ ንትምርቲ ድሉዋት ንክኾኑ ይሕግዞም።

እቶም ቆልዑት ክስእሉን ክቐርጹን ይኽእሉ።
ክሬኣቲቭ ብምኳን ነገራት ክቐርጹ ይኽእሉ።
ነገራት ክፈታትኑን ተመኩሮታት ክእክቡን ይኽእሉ።
እቶም ቆልዑት ብብዝሒ ክጻወቱ ውን ይፍቀደሎም።

"Frühe Bildung" ነዞም ዝስዕቡ ነገራት የበረታትዕ

- ተንቀሳቓስነት
- ፈጠራ
- ኣተኩሮ
- ብልሒ
- ምዕባለ ቋንቋ
- ኣወንታዊ ኣካይዳ ምስ ካልኦት ሰባት

"Frühe Bildung" ንቆልዑት ንትምህርቶም የዳልዎም።

# ኣማራጺታት ናይ "Frühe Bildung"

**ክልተ ዝተፈላለዩ ዓይነት ምእላይ ህጻናት ኣለው፣ መዋእለ ህጻናትንናይ መዓልቲ ኣለይትን።**

## መዋእለ ህጻናት እንታይ እዩ፧

Kita ኣሕጽሮተ-ቃል ቃል እዩ: ትርጉሙ ድማ መዋእለ ህጻናት እዩ።
(Kindergarten) ኪንደርጋርተን እውን ክትበሃል ትኽእል እያ።
ናይቶም ንኣሽቱ መዋእለ ህጻናት እውን ኣጸደ ህጻናት (Kinderkrippe) ተባሂላ ትጽዋዕ እያ።
ኣብኡ ኣወዳትን ኣዋልድን ይራኸቡ። ገና ትምህርቲ ኣይጀመሩን።

ኣብቲ መዋእለ-ህጻናት ኣለይቲ ደቀ ኣንስትዮን ኣለይቲ ደቂ ተባዕትዮንይሰርሑ።
እቶም ቆልዑት ኣብ ጉጅለታት ይራኸቡ።
ኣብ ሓንቲ መዋእለ ህጻናት መብዛሕትኡ ግዜ ብዙሓት ጉጅለታት ኣለዋ።

ክልተ ናይ ዕድመ ጉጅለታት ኣለዋ፥
ካብ 0 ክሳብ 2 ዝዕድመኦም ቆልዑት ዘለውዎም ጉጅለታት (Kinderkrippe)።
ካብ 3 ክሳብ 6 ዝዕድመኦም ቆልዑት ዘለውዎም ጉጅለታት (Kindergarten)።

## Tagespflege እንታይ እዩ፧

ኣብቲ Tagespflege እውን ኣወዳትን ኣዋልድን ይራኸቡ እዮም። ንሳቶም ውን ገና ትምህርቲ ኣይጀመሩን።
ደቅንስትዮ ናይ ህጻናት ኣለይቲ (Tagesmütter) ከምኡውን ደቂ ተባዕትዮ ናይ ህጻናት ኣለይቲ (Tagesväter) ኣለው። ንሳቶም ኩሎም ቆልዑት ንክኣልዩ ፍቓድ ኣለዎም።
ዳርጋ ኩሉ ግዜ ኣብ ሓንቲ Tagespflege ሓንቲ ክሳብ 5 ቆልዑት ዘለውዋ ጉጅለ ጥራይ እያ ዘላ።
እቶም ኣብ Tagespflege ዘለው ቆልዑት መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ክሊ ዕድመ 0 ክሳብ 3 ዘለው እዮም።




# ናይ ህጻንኩም ምልምማድ ኣብ መዋእለ ህጻናት

ሓደ ቆልዓ ናብ መዋእለ ህጻናት ምስ ዝመጽእ ነቲ ህጻንን ነቶም ወለድን ዘደስት እዩ።
ስለዚ እዩ እቲ ምልምማድ ዝብል ኣርእስቲ ዝለዓል።
ቆልዓኹም ቀስ ብቀስ ነቲ መዋእለ ህጻናት ክለምዶን ክወሃሃዶን ይኽእል።
ብኸምዚ ኣገባብ ንስኹምን ቆልዓኹምን ምስቲ ሓድሽ ከባቢን ምስቶም ኣለይትን ትላለዩ።

ኣብ መጀመርታ ምስ ቆልዓኹም ብሓንሳብ ኣብቲ  መዋእለ ህጻናትትህልዉ።
ብድሕሪኡ እዩ እቲ ቆልዓ በይኑ ኣብ መዋእለ ህጻናትዝኸውን።
እተን ቀዳሞት ብጽሒታት ሕጽር ዝበላ እየን።
ንስኹም ነተን ቀዳሞት ቆጸራታት ብጽሒ ምስቶም ሰራሕተኛታት መዋእለ ህጻናትትምድቡ።

ቆልዓኹም ካብ ሕጂ ጀሚሩ በይኑ ኣብ መዋእለ ህጻናት ምውዓል ክለማመድ እዩ።
ካብ ቆልዓኹም ተሰናቢትኩም ናብ ካልእ ክፍሊ ትኸዱ።
ድሕሪ ቅሩባት ደቓይቕ ክትምለሱ ኢኹም።
እቲ ግዜ እንዳነውሐ ይኸይድ ክሳብ እቲ ቆልዓኹም በይኑ ኣብ መዋእለ ህጻናት ክውዕል ዝጅምር።

ቆልዓኹም ኣብቲ ግዜ ምስንባት እንድሕር በኸዩ፣ ተመሊስኩም ንቆልዓኹም ትእብድዎ።
ምልምማድ መዋእለ ህጻናት ብዝሕ ዝበለ ሰሙናት ክወስድ ይኽእል እዩ።
እታ ኣላይት ወይ እቲ ኣላይ ኩሉ ክትፈልጥዎ እትደልዩ ክነግሩኹም እዮም።

# መዓልታዊ መደባት ኣብ Kita

ቆልዓኹም ንጎሆ ናብ መዋእለ ህጻናት ኣብጺሕኩም ትሰናብቱ።

እቶም ቆልዑ ክቑርሱ እዮም።
እቶም ቆልዑት ሕጂ

ክጻወቱን ክመሃሩን ክዝምሩን
ስርሓት ተግባር ኢድ ክዳልው ስፖርት ክገብሩን

እዚ ዝበልናዮ ኣብ ገዛ ይኹን ኣብ ደገ እዮም ዝገብሩዎ። ዋላ ማይ እንድሕር ሃሪሙ።



እቶም ቆልዑት ብሓንሳብ ምሳሕ ይበልዑ።
ገሊኦም ቆልዑት ሕጂ ድሮ ንገዝኦም ክውሰዱ እዮም።
እቶም ቆልዑት ሕጂ ከዕርፉን ክድቅሱን እዮም።

ሕጂ እቶም ቆልዑ እንደገና


ክጻወቱን ክመሃሩን ክዝምሩን
ስርሓት ተግባር ኢድ ከዳልው ስፖርት ክገብሩን

ንቆልዓኹም ትወስዱ። ዝበዝሕ ግዜ ምስታ ኣላይት ወይ ምስቲ ኣላዪ ህጻናት ቆልዓኹም ኣብቲ መዓልቲ እንታይ ከምዝገበረ ትዘራረቡ።



# መግቢ ኣብ መዋእለ ህጻናት

ኩሎም ቆልዑ ኩሉ ክበልዑ ኣይፍቀደሎምን።
ቆልዓኹም እንታይ ክበልዕ ይፍቀደሉ ከምኡ‘ውን እንታይ
ክበልዕ ከምዘይፍቀደሉ ነቲ መዋእለ ህጻናት ትሕብሩ።
መዋእለ ህጻናት ንናይ ምግቢ ቁጥዐታትን ንናይ መግቢ
ሕጋጋትን ኣብ ግምት ዘእትው እዮም።





## ምትሕብባር ምስ መዋእለ ህጻናት

እቶም ኣለይቲ ምሳኹም ብዛዕባ ቆልዓኹም ከዘራርብኹም ከምኡ'ውን ቆልዓኹም ከመይ ከምዝመሃር ክነግሩኹም እዮም።
እቶም ኣለይቲ ብዛዕባ ኣዕሩኽቲ ቆልዓኹም ክነግሩኹም እዮም።

ንስኹም እውን ምስቶም ኣለይቲ ክትዘራረቡ ኣለኩም።
ቆልዓኹም ኣብ ገዛ ብፍሉይ እንታይ ጽቡቕ ክገብር ከምዝኽእል ውን ሓብሩ ኢኹም።
ቆልዓኹም መዓስ ሓገዝ ከምዘድልዮ ውን ሓብሩ ኢኹም።

ሓደሓደ ግዜእታ መዋእለ ህጻናት ክትረኽበኩም ኣለዋ።
ብተሌፎን ክትርከቡ ክትክእሉ ኣለኩም።

## ቆልዓይ ኣብ መዋእለ ህጻናት እንታይ የድልዮ፧

ቆልዓኹም ንመዓልታዊ ሂወቱ ኣብ መዋእለ ህጻናት
ዘድልይዎ ዝተፈላለዩ ነገራት ኣለው።
እታ መዋእለ ህጻናት ሓደ ዝርዝር ክትህበኩም እያ።
ኣብቲ ዝርዝር ኩሉ ዘድልየኩም ነገራት ክጸሓፉ እዮም።
ኣብዚ ሓደ ሓደ ኣብነታት፥

ቦርሳ/ ሳንጣ
ቅያር ክዳን (ስረ ኣካላት ወይ ቡታንቲ፣ ናይ ውሽጢ ማልያ፣ ካልስታት፣ ስረ፣
ማልያ፣ ጉልፎ)
ናይ ቤት ሳእኒ
ናይ ዝናብ ክዳውንቲ (ጃከት፣ ስረ ወይ ጁባ)
ነውሕ ጫማ ጎማ (ስቲፓሎኒ)
ንዋት ስፖርት ዘለዎ ሳንጣ ስፖርት (ጫማ፣ ማልያ፣ ስረ)
ኣገዳሲ፥ ቆልዓኹም ከከም እዋን ክፍለ-ዓመቱ ክኽደን ኣለዎ።

ጨርቂ ሽንቲ (ዳይፐር)
ጥሉል ሶፍቲ
(ናይ ቁስሊ ክሬም)
(ናይ ጸሓይ ክሬም)

(ንመጽረዪ ስኒ ዝኸውን ኩባያ)
መጽረጊ ስኒ
(ብዕጦ ስኒ)
ሽጐማኖ

(ምስሊ-ኣካል) ቺኾቶ
ዝፈትውዎ መጻወቲ ባንቡላ እንስሳ
መሕቖፊ ከቦርታ





## መዋእለ ህጻናት ከመይ ጌረ ይረክብ፧

ወለዲ ነጻ ናይ መዋእለ ህጻናት ቦታ ባዕሎም ይደልዩ።
ብኽብረትኩም ን ኣዝማድ፣ ኣዕሩኽቲ ወይ ጐረባብቲ ሕተትዎም።
ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ Schwerin ዘለዋ መዋእለ ህጻናት ከምኡውን ናይ
መዓልቲ ናበይቲ ሰባት ኣብዚ "መደብቲ መዋእለ ህጻናት" ዝብል ክትረኽቡ
ትኽእሉ ኢኹም፥
*https://www.schwerin.de/mein-schwerin/leben/*
*kinder-jugend-familie/kindertagesfoerderung/*

ኣብ ሽፈሪን ህጻናት ዝውዕልሉ ቦታ
→ SCHWERINER KINDERTAGESEINRICHTUNGEN
ኣብ ሽፈሪን ህጻናት ዝእለይሉ ቦታ
→ SCHWERINER KINDERTAGESPFLEGESTELLEN

ናብ ሓደ መዋእለ ህጻናት ብምኻድ ንቖልዓኹም ዝኸውን ነጻ ቦታ እንተሎ ሕተቱ።
እቶም ኣካየድቲ መዋእለ ህጻናት ነጻ ቦታ እንተሎ ክሕብሩኹም እዮም።

ኣብ ቀረባ ከባቢ ገዛኹም ነጻ ናይ መዋእለ ህጻናት ቦታ ክትረኽቡ ኩሉ ሳዕ ዝከኣል
ኣይኮነን።
ካብ ገዛኹም ርሕቕ ዝበሉ መዋእለ ህጻናት እውን ሕተትዎም ኢኹም።

ኩሉ ግዜ ብቕልጡፍ ነጻ ቦታ ኣብ ሓደ መዋእለ ህጻናት ክህሉ ኣይትጽበዩ።
ክመጽበዩ ትኽእሉ ኢኹም።
ስለዚ ንቖልዓኹም ብዝቐልጠፈ ኣቐዲምኩም ኣብ መዋእለ ህጻናት ኣመዝግቡ።
ሞ ግዚትነት ዘለዎም ሰባት (እዚ ብመሰረቱ ወለዲ ማለት'ዩ) ንሳቶም እዮም
ንቖልዑት ኣብ መዋእለ ህጻናት ከመዝግብዎም ዝኽእሉ።

እቲ መዋእለ ህጻናት ነጻ ቦታ ምስ ዝህልዎ: ጽሑፋዊ መረጋገጺ ክትወሃቡ ኢኹም።
ብድሕሪኡ ኣብ Stadthaus (Bürgerbüro) (መዘጋጃ ቤት) ክልተ መመልከቻ
(ጠለባት ተቐርቡ)፥
1. Antrag auf Betreuung (ናይ ምንባይ መመልከቻ)
2. Antrag auf Übernahme der Verpflegungskosten (መመልከቻ ብዛዕባ
ምስካም ወጻኢታት ክንክን)




## ናይዞም መመልከቻታት ቅጥዒ (ፎርም) ኣበይ ክወሃብ ይኽእል፧

እቲ ቅጥዕታት (ፎርም) ኣብ Bürgerbüro (Stadthaus) መዛጋጃቤት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ቅጥዕታት (ፎርም) ኣብዚ ዝስዕብ ወብሳይት እውን ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም www.schwerin.de።

ነተን ቅጥዕታት (ፎርም) መሊእኩም ፈሪምኩም ኣብ Bürgerbüro (መዛጋጃባት) ተቕርቡ።

ብተወሳኺ እውን መረጋገጺታት ብዛዕባ'ቲ ዝመዝከብኩምዎ ሓበሬታታት ከተቕርቡ ኣለኩም።

# ግዜ ምንባይ

ከምቲ ልሙድ ቆልዑት ን 6 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ እዮም ናብ መዋእለ ህጻናት (ናይ ፍርቂ መዓልቲ ቦታ) ዝኸዱ።

ብፍቓድ ወለዲ ከኣ ቆልዑት ብልምዲ 4 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ኣብ መዋእለ ህጻናት (ፍርቂ መዓልቲ) ይውዕሉ።

ወለዲ ዝሰርሑ እንተድኣ ኮይኖም እቶም ቆልዑት ክሳብ 10 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ኣብ መዋእለ መዋእለ-ህጻናት ክውዕሉ ይኽእሉ (ምሉእ መዓልቲ)።



## ሓደ ናይ መዋእለ ህጻናት ቦታ ክንደይ ዋግኡ፧

ምሕብሓብ ቆልዑ ነጻ እዩ።
ናይ ምግቢ ክፍሊታት ኣብ መዋእለ ህጻናት ወለዲ ባዕሎም ይስከሙ።

ኣብ ገገሊኡ ኩነታት እቲ ንምክንኻን (ንምሕብሓብ) ዘውጻእኩሞ ገንዘብ ንክምለሰኩም ክትጠልቡ ትኽእሉ ኢኹም።
እንተድኣ ገንዘብ ናይ ማሕበራዊ ሓጋዚ (Sozialleistungen) ትወሃቡ ኮይንኩም ወይከኣ ውሑድ ደሞዝ እንተ ኣለኩም ኮይኑ፥ እቲ ክፍሊታት ምክንኻን ዝብሃል ብከተማኹም ክኽፈለልኩም እዩ።
ነዚ ዝኸውን መመልከቻ ከተቕርቡ ኣለኩም።
ኣስተውዕሉ፥ እቲ መመልከቻ ዓመት መጸ ከምብሓድሽ ክቕረብ ኣለዎ!
ኣስተውዕሉ፥ እንተድኣ ገለ ለውጢ (ብዛዕባ ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ ገንዘብ (Sozialleistungen) ኣጋጢሙ፣ ብዝቐልጠፈ ክትሕብሩ ኣለኩም!

ገሊኦም መዋእለ ህጻናት ንተወሰኽቲ ቀረብ ኣገልግሎታት ተውሳኺ ክፍሊታት ይጠልቡ እዮም (ጉዕዞታት፣ ንመሳርሒ ኢደ-ጥበብ፣ ወዘተ)።
ብዛዕባዚ ምስታ ናትኩም መዋእለ ህጻናት ተዛረቡ።

ምስ ኣማኻሪት ውህደት (Integrationslotsin) (ብዛዕባ ዘለኩም ሕቶታት ናይ መዋእለ-ህጻናት ይኹን ናይ ትምህርቲ) ኣብ ክፍለሃገራዊ ርእሰከተማ Schwerin ክትዘራረቡ ትኽእሉ።
ካልእ ተወሰኽቲ እሞ ተመለስቲ ክፍሊታት እንተልዮም ድማ ክትነግረኩም እያ።

# ተወሰኽቲ ሓበሬታታት

ብዛዕባ ናይ መዋእለ ህጻናት ነጻ ቦታ ምድላይ ሕቶታት ኣለኩም፧
ናይ ምምኻር ጨናፍር ኣለው፦

## ኣማኸርቲ ብዛዕባ ኣርእስቲ መዋእለ ህጻናት ክፍለሃገራዊ ርእሰከተማ Schwerin

**መስርሕ መመልከቻ (ጠለብ/ሕቶ)፦**

**ናይ መዓልቲ ደገፍ ምሕብሓብ ቆልዑት (መዋእለ ህጻናት)**

Frau Ramona Fischer
Am Packhof 2-6
19053 Schwerin
☎ +49 385 545-2157
✉ kita-foerderung@schwerin.de

**ምኽሪ፦**

**ናይ መዓልቲ ሓብሓቢት (ኣላዪት)**

Frau Julia Patzelt
Am Packhof 2-6
19053 Schwerin
☎ +49 385 545-2184
✉ jpatzelt@schwerin.de

**ምኽሪ ብዛዕባ ምድላይ ነጻ ቦታ መዋእለ ህጻናት፦**

**ናይ ቤት-ትምህርትን ናይ መዋእለ ህጻናትን ናይ ምውህሃድ ኣማኻሪት** (Integrationslotsin)
**ክፍሊ፦** 2.101
Am Packhof 2-6
19053 Schwerin
☎ +49 385 545-2127
✉ kita-foerderung@schwerin.de

## ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ Kitaን ናይ መዓልቲ ክንክን ኣለይትን፥

*https://www.schwerin.de/mein-schwerin/leben/kinder-jugend-familie/kindertagesfoerderung/*

## ተወሰኽቲ ኣገደስቲ ኣማኽርቲ ክፍለሃገራዊ ርእሰከተማ Schwerin

**ሞያዊ ኣገልግሎት ጥዕና፥**

**ኣገልግሎት ጥዕና ቆልዑት/መንእሰያት**

Frau Gabriela Reimuck
Am Packhof 2-6
19053 Schwerin
☎ +49 385 545-2851
✉ greimuck@schwerin.de

**ሞያዊ ኣገልግሎት መንእሰያት፥**

**ምስክርነት፣ መነባብሮን ደገፍን**

Frau Juliane Rickert
Am Packhof 2-6
19053 Schwerin
☎ +49 385 545-2213
✉ jrickert@schwerin.de

**ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት**

Herr Tim Piechowski
Am Packhof 2-6
19053 Schwerin
☎ +49 385 545-2022
✉ tpiechowski@schwerin.de



## ኣስተርጎምቲ

SPuK Sprach- und Kommunikationsmittlung
(SpuK ናይ ቋንቋን ምርድዳእን ቤት-ጽሕፈት)
Frau Gunhild Nienkerk
Caritas für das Erzbistum Hamburg e.V.
Region Schwerin
☎ +49 176 84 900 608
✉ vermittler-mv@caritas-im-norden.de

## ኣብዚ ዝስዕብ ካልኦት ተወሳኺ ኣርእስትታት ዝሓዘሉ ናይ ምኽሪ ትካላት ዝጠርነፈ ሰነድ ትረኽቡ፥

*https://www.schwerin.de/export/sites/default/.galleries/Dokumente/Gesellschaft-Soziales/Integration/HfSH-Ratgeber_druckreif-3.pdf*

# ቁጽርታት ንህጹጽ ኩነታት

ናይ ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ድልውነት (ASD)፥

☎ +49 385 545-2033

☎ +49 385 545-4444

✉ ja-bereitschaftsdienst@schwerin.de

ኣገልግሎት ህጹጽ ረድኤት ሕክምና ቆልዑት Schwerin፥

☎ +49 385 520-3601

HELIOS ሆስፒታላት Schwerin፥

☎ +49 385 520-0 (ሓፈሻዊ)

☎ +49 385 520-2197 (ማእከላዊ ምቕባል ሁጹጽ ረድኤት)

ናይ መርዚ ህጹጽ ረድኤት፥

☎ +49 361 730730

ኣብ መከራ ዘለዋ ደቀ-ኣንስትዮ፥

☎ +49 385 5557356

መንፈሳዊ ሓልዮት ብተሌፎን፥

☎ +49 800 11 10 111 (ብነጻ)

☎ +49 800 11 10 222 (ብነጻ)

## Impressum:

Landeshauptstadt Schwerin
Der Oberbürgermeister

Am Packhof 2-6
19053 Schwerin
Telefon: 0385 545-0
Telefax: 0385 545-1019
E-Mail: info@schwerin.de
Internet: *www.schwerin.de*

## Kontakt:

Landeshauptstadt Schwerin
Dezernat für Jugend, Soziales und Kultur
Fachstelle Integration

Am Packhof 2-6
19053 Schwerin
E-Mail: integration@schwerin.de
Internet: *www.schwerin.de*

Stand: Januar 2021

©Fotos: Landeshauptstadt Schwerin
©Illustrationen: Karen Obenauf

Gefördert vom:

Bundesministerium für Familie, Senioren, Frauen und Jugend

Frühe Bildung: Gleiche Chancen – Bundesprogramm Kita-Einstieg Brücken bauen in frühe Bildung

Landeshauptstadt Schwerin

Unter Mitarbeit von:

caritas

Menschsein stärken IB

"Kita-Einstieg: Brücken bauen in frühe Bildung" ist ein Programm des Bundesministeriums für Familie, Senioren, Frauen und Jugend (BMFSFJ).